# ጽምብል በዓል ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብዓወት ተዛዚሙ

*ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ብዓል 8 መጋቢት ብዕለት 04.03.2017 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት " ጓል ኣንስተይቲ ዋሕስ ልኡላውነትን ልምዓትን !!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ተኸብረ ።*

*መደብ ብዓል ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣደ መንበር ወ/ሮ ረዛን ርእሶም ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብምትሕልላፍ ፣ ነቲ በዓል ዝምልከት ካብ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ጀርመን ተላእከ መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣቦ መንበር ሃገራዊ ሸማግለ ከተማ ፍራንክፈርት ኣቶ ተወልደ ቴድሮስ ኣበርክቶን ሙያን ተወፋይነትን ብጾቶም ኣባላት ሃማደኤ ከተማ ፍራንክፈርት ብሰፊሑ ብምግላጽን ብምምስጋንን ናይ ደገፍ መልእኽቲ ብሽም ሃገራዊ ሸማግለን ወዳቤታት ከተማ ፍራንክፈርት ንተሰታፍቲ ኣስምዐ። በዚ ኣጋጣሚ ወ/ሮ ልኡል ተወልደ ኣባል ፌስቲቫል ጀርመን ኣብቲ ቦታ ተረኺባ ፣ ንካብ ዕለት 7 ክሳብ 9 . 07. 2017 ዝካየድ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን መረዳእታን ሓበሬታን ሃበት።*

*ቀጺሉ ኣካየድቲ ኣካል ወ/ሮ ኣዜብ ወ/ገብሪኤልን ወ/ሮ ፍረወይኒ ኪዳነን ኣብቲ ምስ ብጾተን ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ፍራንክፈርት ዘዳለውኦ መዘናግዒ መደባትን እኽለማይን ንተሳተፍቲ ብምውሳ እን ፣ ብወናም ስነ ጥበባዊ ዲጃይ ኣቶ ዓብደላ ዓቤን መንእሰይ መርከብ ሃይለን ዘቕበዎ ባህላዊን ዘመናዊን ዜማታትን ብምዝንጋዕን፡ በቲ ብውህደት ኣባላት ሃገራውያን ውዳቤታት ከተማ ፍራንክፈርት ዝካየድ ዝነበረ ምቕሉልን እንግዶትን ንጥፈታትን ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ጽምብል 8 መጋቢት ተኻይዱ።*

*ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ካብ ከተማታት ኖርድ ራይን ቬስትፋለን ዝመጹ ግዱሳት ሃገራውያን ተሳተፍቲ ብብዝሒ ሕጻናትን መንእሰያትን ከምኡ'ውን ብፍሉይ ጥርናፌን ውዳበን ዝመጻ ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ከለን ፣ ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፣ መደብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ተኻይዱ።*

*ዓወት ንሓፋሽ*
*ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና*
*ሃ.ማ.ደ.ኤ. ፍራንክፈርት*